*ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ* الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# እዋናዊ መግለጺ ፖሎቲካዊ ቤትጽሕፈት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)

## ብመኽንያትያት ኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ ኲናት ዝወጸ መግለጺ!

*ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ) እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ ዝፍጸም ዘሎ ናይ ዓመጽን ወራርን ኹናት ሃንደስቱ ካብ ናይ ባዕሎም ረብሓ ዘበገሰዎ ኮይኑ፡ ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስን ኣብይን ድማ ከም ተለኣኣኽትን ኣተግበርትን ዝተዋፈርሉ ዕማም ኢዩ።* ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስ ክሳብ 2018 ብዓለምን ከባብን ዝተፈንፈነ፡ ኣብ ተነጽሎ ዝነብር ዝነበረ ስርዓት ከም ዝነበረ፡ ናይ ኲሉና ናይ ትማሊ ተዘክሮና ኢዩ። ሎሚ ንረብሓ ሃንደስቲ ናይዚ ኲናት ከተግብር ምእንቲ ተባሂሉ፡ ካብ ዝነበሮ ጉድጓድ ኣውጺኦም ትንፋስ ሰኲዖም ኪድ ንዓውፈር ኢሎም ክልእክዎ ብግብሪ ኣብ ኣባይታ ክንግንዘብን ክንካታተሎን ጸኒሕና። እዚ ንድሕሪት ተመሊስና ክንትርኽ ስለዝደለና እንለዕሎ ዘሎና ጉዳይ ኣይኮነን፡ እንታይ ድኣ ደቂ ሰባት ምልስ ኢሎም ንነገራት ክሪእይዎን ምስቲ ክብሃል ዝጸንሐን ሕጂ ዝግበር ዘሎን ንምግንብዛብ ይሕግዝ'ዩ ኢልና ስለዝኣምና ጥራይ ኢዩ ።

እዚ ከም መበገሲ ወይ መእተዊ ካብ ኣቐመጥና፡ ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስ ነዚ ኹናት'ዚ ኩሉ ዘድሊ ቅድመ ምድላዋት ክገብር ድሕሪ ምጽናሕ ዝኣተዎ'ዩ ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ካብ ፋሽሽታዊ ባህርያቱ ዝብገስ ኮይኑ፡ ጽልእን ቅርሕንትትን ብሓደ ወገን፡ ከምኡ ድማ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ኩሉ ዝክኣሎ እንዳገበረ ዝዋደቐሉ ዘሎ ናይ ወራርን ዓፈናን ኹናት ኢዩ ። ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳይስ ነዚ ሕጂ ዘካይዶ ዘሎን ኣቐዲሙ ዘካየዶን ወራር ከካይድ እንከሎ፡ ደገፍ ናይ ህዝብታት ኤርትራ ንምርካብ ምእንቲ ሕቶ ዶብ ኣልዒሉ ፡ ከምኡ ድማ ጽልእን ፡ ቒምን ቅርሕንትትን ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓፈሻ ፡ ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ኤርትራን ትግራይን ድማ ብፍላይ ከጎሃህርን ናብ ዘይታዓረቕ ደረጃኡ ከዕርጎን ኩሉ ዝከኣሎ ክገብር ከም ዝጸንሐ ነጋሪ ዘይንደልየሉ እንፈልጦ ሓቒ ካብ ናይ ባዕልና ቀጥታዊ ዝኾነ እኹል ተመኩሮ ዝቐሰምናሉን ጉዳይ ኢዩ ።

ስለዚ ህዝብታትናን ናይ ለውጢ ሓይልታቱን፡ ውድባትን ኤርትራ ነዚ ወራሪ፡ ዓማጺ እኩይ ተግባራት ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስን፡ ኣብይን ብትሪ ክኹንንዎን ኣንጻሩ ደው ክብሉን ንጽውዕ። እንቲ ምንታይ'ሲ ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳይስ ፖለቲካዊ ስልጣን ንበይኑ ካብ ዝበሓተሉ ግዜ ጀሚሩ ኩሉ ሰብኣውን፡ ዲሞክራስያዊ መሰላት፡ ....ወዘተ ዓፊኑ ብምሓዝ ንህዝብታት ኤርትራ ድከቱ ከስትዮ ድሕሪ ምጽናሕ እንሆ ሕጂ ድማ ነታ ብኣሽሓት መስዋእትን፡ ስንክልናን፡ ከምኡ ድማ ሰፍ ዘይብል ንዋትን ሃብትን ከፊሉ ዘምጽኣ ናጽነትን ልኡላውነትን ሃግርና ኣሕሊፉ ይህባ ኣሎ ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስ ብዝሃንደሶ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ኹናት ተጸሚዳ ኣላ ጥራይ ኢልካ እውን ዝሕለፍ ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ካብኡ ንላዕሊ ሓሊፉ ሃገር መናሃርያ ኲናት ኢያ ኮይና ዘላ። ኣብዘን ዝሓለፋ ሰሙናት ጥራይ ብጣዕሚ ብዙሕ ቁጽሪ ዘለዎ ሰራዊት ኢትዮጵያን ነዚ ሰራዊት'ዚ ዘገልግል ናይ ኲናት ሎጅስቲክስ ኣጥለቅሊቁዋ ትርከብ። እቲ ኩቡር መስዋእቲ ከፊልና ዘረጋገጽናዮ ነጻነትን ልኡላውንትን ንባዕዲ ኣሕሊፉ ዝሃበ ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስ ሃገርን ህዝብን ዳግም ከድምን ከበሳብስን ኢዩ ዝርኤ ዘሎ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት እንዳሃለና ብገለ ካብ ኣባላት ደንበ ፍትሒ ኢና ዝብሉ ወይ'ውን ንቃለስ ኣለና ዝብሉ ናይ ኣስመራ መዕርፎ ነፈርቲ

(Airport) ተሃሪሙ ፡ ብዛዕባ ኣግኣዝያን'ዶ ብሩህ መጸኢ ተስፋ ሓቂ ዘይኮነ ከምዚ ተባሂሉ ከምዚ ተገይሩ እንዳ ተባህለ ንምድንጋር ዝህንድስ ዘሎ ሰራም መልእኽቲ ጉቡእ ጠመተ ዘድልዮ ኢዩ ። ዋናታት'ዚ ዘረባዚ ፍሉጣት ውልቀ ሰባት እንዳሃለዉ ከም ፖሊሲ መንግስቲ ክልል ትግራይ ጌርካ ብምቅራብ ፡ እዚ ተግባር'ዚ ድፍረት ንልኣላውነትና ኢዩ፡ ስለዚ ምስ ስርዓት ኢሳያስ ወጊንና ኣንጻር ወያነ ክንስለፍ ኣሎና ዝብል ወፈራ ኣብ ምክያድን ህዝቢ ኣብ ምድንጋርን ይርከቡ። ከምቲ ልዕል ኢልና ገሊጽናዮ ዘሎና እቲ ግህሰት ብዘየዋላውል ብፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሰያስ ከም ዝተፈጸመ ንሓንቲ ክልኢት'ውን ትኹን ዘጠራጥር ኣይኮነን። እሞ እዞም ወገናትና ዝብልዎ ዘለዉ ደኣ ምስ ምንታይ ይቁጸር እንተ ተባህለ መበገሲ ምኽንያቶም ምስ ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስ ሓደ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ መደምደምትኡ ሓደ ስለዝኾነን፡ ከምኡ ድማ ንባዕሎም ተንበርኪኾም ንህዝቢ ኣደናጊሮም ኣሰሮም ንክኽተል ዝግበር ዘሎ ወፈራ ስለዝኾነን ምስ ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስ ብማዕረ ክኹነንን ክንጸግን ይግባዕ ንብል። ስለዝኾነ ህዝብታት ኤርትራን ተቃለስቲ ደቆምን ንፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስን መሰልቱን ብዘየዳግም ንምስዓሩ ክቃለሱ ኣለዎም ንብል። እዚ ክግባር ድማ ንጽውዕ።

እዚ ብፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስን ኣብይን ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ተወሊዑ ዘሎ ኲናት ጸረ መሰል ርእሰ ውሳነን መንነትን ህዝብታት ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ ኢዩ ኢልና ንኣምን ። ነዚ ንምስዓር ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብሕፈሻ ልሉይ ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ትግራይ ድማ ነተባብዕን ንድግፍን። ኣብ ጎድንኹምን ኣብ ጎንኹም ድማ ኣሎና። ነዚ ኣንጻር ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስን ኣብይን እተካይድዎ ዘለኹም ቃልሲ ብዓወት ንምዝዛም ካባና ዝድለ ኩሉ ክንገብር ዘሎና ድልውነት በዚ ጽንኩር ሰዓት'ዚ ደጊምና ከነረጋግጸልኩም ንፈቱ ።

ፖለቲካዊ ቤት/ጽሕፈት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርራት (ሰደግኤ) እዚ ብፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስን ኣብይን ተወሊዑ ዘሎ ናይ ወራር ኲናት ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ ከምጽኦ ዝኽእል ከቢድ ዕንወት ሓስጊኡዎም ኲናት ጠጠው ክብልን፡ ብሰላማዊ ዘተ ንክፍታሕ ዝቐርብ ዘሎ ጻውዒት ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ሕቡራት መንግስታት፡ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበራትን ኣማራጺ ዘይብሉ ቅኑዕ ፍታሕ ኢዩ ኢልና ንኣምን ። ስለዚ ክልቲኦም ወገናት ነዚ ጻውዒት ተቐቢሎም ከተግብርዎ ድማ ነማሕጽን ።

ፖለቲካዊ ቤት/ጽሕፈት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርራት (ሰደግኤ) ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ በብእዋኑ ሃገሮም እሾኽ ኮይናቶም ናብ ዝተፈላለያ ክፍሊ ዓለማት ይስደዱ ኣለዉ ። ካብዚኦም ብዝሒ ዘለዎም ኣብ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ኣብ ክልል ትግራይ ድማ ብፍላይ ተሰዲዶም ይርከቡ። ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስ ምስ ኣብይ ተሰማሚዑ ብዝወልዕዎ ናይ ወራር ኲናት ተጠቂሙ እንሆ ሕጂ'ውን ደድሕሪኦም እንዳሰዓበ ነታ ረኺቦማ ዝነበሩ ተዛምዶኣዊ ሰላምን ውሕስነት ናይ ህይወቶም ኣብ ሓደጋ ከም ትወድቅ ገይሩዋ ይርከብ። በዚ መሰረት ኣማኢት ኣሽሓት ወገናትና ንኹሉ ዓይነት ሕሰምን መከራን ተቃሊዖም ይርከቡ አለው ። ስለዚ ኩሉ ኤርትራዊ ኣኣብ ዘለዎ ድምጺ ክኾኖምን፡ ኩሉ ዝካል ዘበለ ክሕግዝን ንጽውዕ። ንኹሎም ዝምልከቶም ኣካላት ማሕበረ ሰብ ዓለምን ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበራትን እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ኣብ ክልል ትግራይ ድማ ብፍላይ ኣብዞም ድምጺ ዘይብሎም ግዳያት ወገናትና ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ጉቡእ ትኹረት ክገብርሉ ነማሕጽን ። ከምኡ ድማ ኩሉ ኣድላዪ ዝብሃል ቀረብ መግብን ፡ መድሃኒትን፡ ዝስተ ጽሩይ ማይን ከምኡ ድማ ብዓቢኡ ናይ ሂወት ውሕስነት ዝረኽብሉ ኣድላዪ ጻዕሪ ክገብሩ ንጽውዕ ።

ኣብ መጠረሻ ፖለቲካዊ ቤት/ጽሕፈት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርራት (ሰደግኤ) ኩነታት ህዝብታትናን ሃገርናን ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ብጣዕሚ አስጋእን ሓደገኛን ኩነታት ኢዮም ዝርከቡ። እቲ ምንታይ'ሲ እቲ ኣቐድም ኣቢልና ንተኣማመነሉ ዝነበርና ውሑስ ህላወን፡ ቀጻልነትን ሃገርና ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ስለዝርከብ። እዚ ሓደጋ'ዚ

ዝፈጠሮ ስግኣት ኣብ ህዝብታትና ብሓፈሻ ከምኡ'ውን ተቓለስቲ ደቂ መሰረት ጌሩ ዝተበገሰ ናይ ቃልሲ ወኒ ብሓደ ወገን ከምኡ ድማ ነዚ ማእከሉ ጌሩ ዝተበገሰ ናይ ልዝብን ዘተን ከምኡ እውን ሓቢርካ ምስራሕ ተበግሶ ዝነኣድ ኢዩ ። እዚ ጥራይ ግን እኹል ኣይኮነን ብፍላይ እቲ ተወዲቡ ዝቃለስ ዘሎ ነዚ ናይ ህዝብታትና ሕቶታትን ጠለባትን ዝምጥን ፍታሕ ኣብ ዝሓጸረ ጊዜ ከቐምጥን ቀዳምነት ሂቡ ክረባረብን ንጽውዕን ነተባብዕን። ብወገና ከም ውድብ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)ን ኤርታርዊ ሃገራዊ ግንባርን (ኤሃግ) ድማ ነዚ ንምዕዋት ኩሉ ካባና ዝድለ ክንገብር ቅሩባት ምዃና በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ድልውነትና ነረጋግጽ ።

ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት

ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርታራ (ሰደግኤ)

ዕለት 28.11.2020

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና!

ነዚ ፋሽሽታዊ ወራር'ዚ ስዒርና ክንዕወት ኢና!

ውድቀት ንፋሽሽታዊ ስርዓት ህግደፍ!